# ኣርትዓ፡ ምጅማር ምድላው ናይ’ቲ ካብ ውድብ ወጻኢ ዝኾኑ ባእታታት ዝሳተፍዎ ሻዱሻይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ካርቱም፡ ኤርትራዊ ማእከል ንዜናዊ ኣገልግሎት (ECMS)



መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፥ ምስ ኤርትራዊ ማእከል ንዜናዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝገበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ካብ ውድብ ወጻኢ ዝኾኑ ተዓዘብቲ ኣብ’ዚ ጉባኤ ክሳተፉ ምኳኖምን፤ እዚ፡ ኣብ ተመኩሮ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ናይ መጀመርያ ምኳኑን ኣብሪሁ። ቀጺሉ፡ ገዳይም ተጋደልትን፥ ኣባላት’ቲ ሕጂ ኣብ ኤርትራዊ መዳይ ዝውለድ ዘሎ ሲቪካዊ ማሕበራትን፥ መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ኣገደስቲ ውልቀሰባትን፡ ምሁራትን፡ ናይ ዜናን ሰብኣዊ መሰላትን ማእከላትን ከም ተዓዘብቲ ክሳተፉ ምኳኖም ገሊጹ።

ብዛዕባ ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መደብ ዕዮታትን፥ ኣብ ቅርጻ ውድብን ክህሉ ዝኽእል ሓድሽ ለውጥታት ኣመልኪቱ፡ እዚ ጉባኤ’ዚ፡ መቐጸልታ ናይ’ቶም ኣብ ዝሓለፈ መዋእል እተኻየዱ ጉባኤታት ምኳኑ ድሕሪ ምሕባር፤ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ይኹን ኣብ ውድባዊ መደብ ዕዮ ወይ ውን ውሽጣዊ ሕግታቱ፡ ምስ’ቲ ዘሎናዮ መድረኽ ዝሰማማዕ ዓይነታዊ ለውጢ ከተኣታቱ ኢዩ ዝብል ትጽቢት ከምዘለዎ ኣሚቱ። ኣስዒቡ፡ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ናይ መንእሰያትን ናይ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ’ዚ ጉባኤ’ዚ ምስታፎም፡ ኣብ ምርግጋጽ ናይ’ቲ እንጽበዮ ዘሎና ዓይነታዊ ለውጢ ጽልዋ ክህልዎ ኢዩ ኢሉ።

ኣብ ምስንዳእ ጉባኤ ዝተኣታተወ ሓድሽ ነገር እንተልዩ ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ፡ ናይ ጉባኤ ሰነዳትን ወረቓቕትን መሰረታት ንኽመያየጥሉን፤ ርእይቶኦምን ለበዋታቶምን ንኽህብሉን ናብ ጕጅለታት ወሪዱ። ብድሕር’ዚ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ነቲ ካብ መሰረታት ዝቐረበን፥ ካብ ፈጻሚ ሽማግለን ኣሰናዲት ሽማግለን ዝተወሰኸን ርእይቶታት እንደገና ናብ መሰረታት ከምዝወርድ ገይራ። ዕላማኡ ከኣ፡ መሰረታት ውድብ ኣብ መጻኢ ዕድልን ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ናይ ውድቦም ሰፊሕ ተሳትፎ ንኽህልዎም ንምግባር ኢዩ ኢሉ።

ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ፈጻሚ ሽማግለ ዘቕማ ናይ መጽናዕቲ ሽማግለ፡ ንመጻኢ ዕድል ናይ ሃገርና ዝምልከቱ ኣገዳስቲ ጉዳያት ኣጽኒዓ፡ ጸብጻባ ናብ ፈጻሚ ሽማግለ ኣቕሪባ ኣላ። ፈጻሚ ሽማግለ፡ ነቲ ጸብጻብ ድሕሪ ምጽዳቕ፡ ናብ ኣሰናዳኢት ሽማግለን ናብ መራሕቲ ዞባታትን ጨናፍርን ንክትዕ ኣውሪድዎ ኣሎ። ጉባኤ ከኣ፡ ብዛዕባ’ዞም ጉዳያት እዚኣቶም ውሳኔታት ክወስድ ኢዩ።

ብዛዕባ፡ ካልእ ምስ ጉባኤ ተኣሳሲሩ ዝሽይድ ጉዳያት ብዝምልከት፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ፡ ናይ ጽሑፍን ስእልን ባህልን ኤግዚብሽንን ናይ መዚቓ ትልሂትን ኣዳልያ ከምዘላ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ፡ ብመሰረት’ቲ ሰውራዊ ባይቶ (ሓጋጊ ኣካል) ኣብ’ቲ ብሓምለ 2004 ዘካየዶ ኣኼባ ክትቐውም ከምእተወሰነን፤ ብግብሪ ግን ኣብ መጋቢት 2005

ከምዝቖመትን፤ ካብ መስከረም ኣትሒዛ ድማ ናይ ምስንዳእ ስርሓታ ከምዝጀመረትን ኣብሪሁ። ከምኡ ውን፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ኣብ ሰለስተ ንኡሳን ኮሚቴታት፡ ማለት ናይ ፖለቲካውን ውድባውን ኮሚቴ፥ ናይ ዜናን ባህልን ኮሚቴ፡ ናይ ምምሕዳርን ገንዘብን ኮሚቴ ተኸፋፊላ ስርሓታ ተካይድ ኣላ ኢሉ። ብዛዕባ ጉባኤ ዝካየደሉ ግዜን ቦታን ኣመልኪቱ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክሕበር ምዃኑ ኣብሪሁ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ፡ ናይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ መስዋእቲ ከምዘጋጠሞን፤ ነዚ ከቢድ ተረኽቦ'ዚ ሰጊሩ ብወልደሱስ ዓማር ዝምራሕ ፈጻሚ ሽማግለ ከምዝቖመን ዝዝከር ኢዩ።